**Kanton Bern**
**Canton de Berne**

Bildungs- und Kulturdirektion
Direction de l'instruction publique et de la culture

Sulgeneckstrasse 70
3005 Bern
+41 31 633 85 11
gs.bkd@be.ch
www.bkd.be.ch

Bildungs- und Kulturdirektion, Sulgeneckstrasse 70, 3005 Bern

ይብጻሕ ናብ
ወለድን ንምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎምን
ንኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ኣብ ካንቶን በርን

2020.BKD.1588 / 306716

በርን፣ 30. ሚያዝያ 2020

**ቤት ትምህርቲ መሊሱ ክኸፈት እዩ**

ዝኸበርኩም ወለድን ንምዕባይ ሓላፍነት ዘለኩምን
ዝኸበርንን ዝኸበርኩምን ተመሃሮ

ቤት ትምህርቲ ኣብ ዕለት 11. ጉንቦት 2020 መሊሱ ማዕጾኡ ክኸፍት እዩ። ተሓጒስና ኣለና!

እዘን ዝሓለፋ ሰሙናት ንኹልና ሓደ ፍጹም ሓዲሽ ዝኮነ ተሞክሮን ዓቢ ብድሆን እየን ነይረን። ኩሉም ብጣዕሚ ጽቡቕ ስራሕ እዮም ሰሪሖም - እተን መምሃራን እቶም መምሃራን፣ እተን ዳይሬክተራት እቶም ዳይሬክተራት፣ እተን ኣለይትን እቶም ኣለይትን - ብርግጽ ከኣ እስኻትኩምን ስድራ ቤትኩምን። ንኹልኹም ካብ ልቢ የመስግን ኣለኹ።

ነቲ ትምህርቲ እንዳተጠንቀቕና እንደገና ክንጅምሮ ንደሊ ኣለና። ኣብተን ናይ መጀመርታ ክልተ መዓልታት እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ፍርቂ ክፍልታት እዩ ዝትግበር፤ እቲ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ንዓኩም ኣገደስቲ ዝኾና ሓበሬታታት ክሰደልኩም እዩ። እቶም መምሃራን ምስ እቶም ተምሃሮ ብሓባር ኮይኖም ብዛዕባ ናይ ጥዕና ምክልኻል ስጉምታት ክማየጡ ከምኡውን ክላመዱ እዮም። እዘን ስጉምታት ብርግጽ ኣብዘን ዝስዕባ ንውሕ ዝበላ እዋናት ነቲ ዕለታዊ ናብራ ቤት ትምህርቲ ክጸልውኦ እየን። ካብ ዕለት 13. ጉንቦት 2020 ጀሚሩ ዝከኣል እንተ ኾይኑ እቲ ኣስተምህሮ ምስ ሙሉእ ክፍሊ ክጅመር እዩ።

ኣብቲ ናይ መጀመርታ መድረኽ፣ ነቶም መምሃራን ኣብ ክፍሎም ኣበየኖት ተመሃሮ ፍልልይ / ጉድለት ከም ዝተፈጠረ ንኽከታተሉ ብፍላይ ክንላወቦም ኢና። ነፍሲ ወከፍ ነቲ ዕለታዊ ናብራ ቤት ትምህርቲ እንደገና ምእንቲ ክለምዶ ብቑዕ እዋን ክህልዎም ይግባእ። ካብ መጀመርታ ጀሚሩ ኩሉ ነገር ኣይሰልጥን እዩ። ግን በቶም ኣመሓዳርቲ ቤት ትምህርትን መምሃራንን ከምኡ እውን ብናትኩም ጻዕሪን ምትሕብባርን ከም ንተኣማመን፣ ንፈልጥ ኢና።

እቶም ቆልዑን መንእሰያትን በዚ ቅልውላው ከይተጎድኡ ንኽሓልፍዎ ኣነ ብጣዕሚ ዝግደሰሉ ጉዳይ እዩ። ነቲ ቅድሚ እቲ ናይ ሓጋይ ዕረፍቲ ዝግበር መምዘኒ ጸብጻብ ብዝምልከት እዚ ማለት፣ ኣብቲ ኣወሃህባ ነጥብታት ብጥንቃቐን ዓቕኑ ዝሓለወን ይኸውን ማለት እዩ። ብመሰረቱ እቲ ቅድሚ ዕለት 16. መጋቢት 2020 ዝነበረ ነጥብታት ኣብ ግምት ዝኣቱ ኮይኑ፣ ካብ ዕለት 11. ጉንቦት 2020 ጀሚሩ ዝምርመር ድማ እቲ እኹል ዝኾነን ጥልቀት ዝቐሰሙሉን ዝተላመድዎን ብቕዓት ጥራሕ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ እውን ኣብቲ ሓፈሻዊ መምዘኒ ጸብጻብ ዝካተት፣ ነቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ምምሕያሽ ነጥብታት ዝህልዎ ጥራሕ እዩ።

እቶም መምሃራን መምዘኒ ጸብጻብ ክገብሩ ከለዉ ዓቢ ትኹረት ዝህብዎ ናይቶም ቆልዑን መንእሰያትን ምዕባለ ትምህርትን ኣብቲ ዝቕጽል ዓመት ትምህርቲ ከምጽእዎ ይኽእሉ እዮም ዝብልዎ ስጉምትን እዩ። ኣብኡ ናይቶም ቆልዑን መንእሰያትን ልዕል ዝበለ ጻዕሪን ነፍስኻ ክኢልካ ምስራሕን ብልጫ ክረክብ እዩ። ዘወላውል ኩነታት እንተ ተፈጠረ እቲ ነጥብን ታሪኽ ህይወት ትምህርትን ኣብ ዝውሰነሉ እዋን፣ እቲ ውሳነ ንጥቕሚ እቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ዘዳሉ እዩ ዝኸውን።

ጓልኩም ወይ ድማ ወድኹም ኣብዚ ሓጋይ ትምህርቲ ይፍጽሙ‘ድዮም? እሱ ወይ እሳ ክሳብ እዚ እዋን ሓደ ቦታ ኣብ ትምህርቲ ልምዲ ዘይረኸቡ እንተ ኾይኖም፣ እቲ ናይ ትምህርቲ ውዕል ዝግበረሉ ደረት ጊዜ ክሳብ ወርሒ መስከረም 2020 ተናዊሑ ከም ዘሎ ንኽትፈልጡ ክሕብረኩም እፈቱ። ስለዚ ተስፋ ኣይትቑረጹ! ንጓልኩም ወይ ንወድኹም ዝሰማምዖም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ንኽረኽቡ ክደልዩ ከለዉ ከየቋረጽኩም ሓግዝዎም። እቶም መምሃራን፣ ማእከል ኣማኸርትን ሓበሬታን ሙያን (BIZ) ከምኡ እውን ናይ ቤት ትምህርቲ ኢንስፔክቶራት ንምድላይ ብዝምልከት ብሓጎስ ክተሓባበሩኹም እዮም።

ዝኸበርኩም ወለድን ንምዕባይ ሓላፍነት ዘለኩምን፣ ዝኸበርኩም ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ፣ ነቲ ኹሉ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣጸገምቲ ዝኾና ሰሙናት ዘበርከትኩሞ፣ ካብ ልበይ የመስግነኩም ኣለኹ። ነዚ ቅልውላው ክሳብ እዚ እዋን ብሓባር መሊኸናዮ ኣለና፣ እተን ተመሃሮን እቶም ተመሃሮን፣ እተን ስድራ ቤታት፣ እቲ ቤት ትምህርቲ። ንሕና ከም ማሕበረሰብ። ንዓኹምን ንዓና ንኹልናን ዘለኒ ዓቢ ተስፋን ትምኒትን፣ እቲ ንቡር ዕለታዊ ናብራና ኣብ ናይ ቀደሙ ንኽምለስ እዩ።

ንዓኹምን ንሙሉእ ስድራ ቤትኩምን ካብ ልበይ ጽቡቕ እምነየልኩም ሰላምታይ ይብጻሕኩም።

**Die Bildungs- und Kulturdirektorin**
**ናይ ትምህርትን ባህልን ዳይሬክተር**



Christine Häsler
Regierungsrätin
**ኣባል ቤት ምኽሪ መንግስቲ**